

# ብዛዕባ ቱበርክዩሎሲስ ብተደጋጋሚ ዝቐርቡ ሕቶታትን መልስታቶምን

### 1. ቱበርክዩሎሲስእንታይእዩ?
ቲቢ (ማይኮባክቲርየም ቱበርክዩሎሲስ) ብዝበሃሉ ታህዋስያን ዝፍጠር ተመሓላላፊ ሕማም እዩ። እቲ ኣዝዩ ዝውቱር ዓይነት (ኣስታት 70 % ካብተርእዮታት) ቲቢ ናይ ሳንቡእ ቱበርክዩሎሲስ እዩ። ከም ቲቢ ሊምፍ-ኖድ ወይ ቲቢ ዓጽሚ ዝኣመሰሉ ካልኦት ዓይነታት ግና ተመሓላለፍቲ ኣይኮኑን።

### 2. መልከፍቲ ቲቢ እንታይ እዩ?
መልከፍቲ ቲቢ ማለት ሓደ ሰብ ኣብ ገለ እዋን ናይ ህይወቱ ደቀቕቲ ታህዋስያን ቱበርክዩሎሲስ ምስ ዘለዎም ሰባት ኣብ ዝገበሮ ርክባት እተለኽፈ ማለት እዩ። ኣብዚ ደረጃ እቲ ሰብ **ኣይሓምምን ወይ ንኻልኦት ኣየመሓላልፍን።** መብዛሕትኦም ካብቶም እተለኽፉ ሰባት (ኣስታት 90 %) ብጭቡጥ **ብሕማም ቲቢ ከቶ ኣይስነፉን።**

### 3. ቱበርክዩሎሲስ ብኸመይ ይመሓላለፍ?
ሕማም ቱበርክዩሎሲስ ካብ እተለኽፈ ሰብ ናብቲ ኻልእ ብእነስተንፍሶ ኣየር ይመሓላለፍ። ሕማም ቲቢ ዘለዎም ሰባት ምስ ዝስዕሉ ብማይክሮስኮፕምበር ብዓይኒ ዘይረኣዩ ደቀቕቲ ታህዋስያን (ቱበርክዩሎሲስባክተርያ) ዝሓዘሉ ነጠብጣባት ኣብ ዙርያኦም ናብ ዘሎ ኣየር የውጽኡ። እዞም ነጠብጣባት ኣብቲ ኣየር ንገለ እዋን እና ኣንሳፈፉ ኣብ ዝጸንሑሉ እዋን ካልኦት ሰባት ምስ እስትንፋሶም ንውሽጢ ኪስሕብዎም ይኽእሉ። ናይ መልከፍቲ ሓደጋ ሕማም ቲቢ ሳንቡእ ምስ ዘለዎ ሰብ **ኣብ ዝፍጠር ርክብ ጥራይ ይኽሰት**(ሕቶ 6)።

### 4. ሓደ ሰብ ብዛዕባ ቲቢ መኣስ እዩ ዝዛረብ?
ሓደ ሰብ እቶም ባክተርያ ኣብ ሳንቡእ ምስ ዝራብሑ ሕማም ሳንባ ቲቢ ኣሎኒ ኢሉ ይዛረብ። እዚ ኮነት ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ወይ ዓመታት ድሕሪ መልከፍቲ ክኽሰት ይኽእል። ባክተርያ ቲቢ ናብ ዝተረፈ ክፍሊ ኣካላት (ንኣብነት፣ ደቀቕቲ ታህዋስያን ዝከላኸል ልፋጭ ናብ ዘመንጭዉ ሊምፍ ኖድ ዝበሃሉ ህዋሳት፡ ናብ ማእኸላይ ስርዓት-መትንታትን ኣዕጽምትን) ብመንገዲ ስርዓት-ዑደት ደም ኣቢሉ ክስፋሕፍሕ ይኽእል። እዞም ዓይነታት ቱበርክዩሎሲስ ተመሓላለፍቲ ኣይኮኑን። ሕማም ቲቢ ልዕሊ ኹሉ ንንኣሽቱ ህጻናትን ካብ ሕማማት ዝከላኸል ስርዓት-ብየና ኣካላቶም ንእተዳኸመ ሰባትን እዩ ሓደገኛ። ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ሕማም ቲቢ ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ምስ ዝግበረሉ ብዓወት ክፍወስ ይኽእል እዩ።

### 5. ፍሉያት ምልክታት ቲቢ ኣየኖት እዮም?
ቲቢ መብዛሕትኡ ጊዜ ብንኣሽቱ ምልክታት ሕማም ይጅምር። እዞም ምልክታት ሕማም፥ ምስዓል (እናሓንሳእ ደም ዘለዎ ዓኽታ)፡ ድኻም፡ መጠነኛ ረስንን ረሃጽን ብጊዜ ለይቲ ይርከብዎም። እቲ ሕማም እና ማዕበለ ምስ ዝመጽእ፡ እቲ ሕሙም ክብደት ኣካላቱ ክንክይ፡ ሸውሃቱ ክዕጾን ቃንዛ ኣፍልቢ ክስምዖን ይኽእል።

### 6. መልከፍቲ ቲቢ ሳንቡእ መኣስ እዩ ተመሓላላፊ ዚበሃል?
እቲ ሕማም ኣብ ሳንቡእ ማዕቢሉ እቲ ግዳይ ኣብ ዝስዕለሉ (ወይ ከም ኮነታት ናይቲ ህማም ኣብ ዝህንጥሰሉ) ጊዜ ቱበርክዩሎሲስ ባክተርያ ከውጽእ ኣብ ዝጅምረሉ እዋን እዩ ቲቢ ሳንቡእ ተመሓላላፊ ዚበሃል። እቲ ሕማም ማዕቢሉ ኣብዚ ደረጃ ክሳብ ዘይበጽሐ፣ እቲ ቲቢ ዝሓዘ ሰብ ቱበርክዩሎሲስ ባክተርያ ከመሓላልፍን ንኻልኦት ሰባት ኪለክፍን ኣይክእልን (ሕቶ 3)።

### 7. ተመሓላላፊ ሕማም ቲቢ ሳንቡእ ዘለዎ ሰብ ክሳብ መኣስ እዩ ነቲ መልከፍቲ ዘመሓላልፍ?
ሓደ ተመሓላላፊ ቲቢ ሳንቡእ ዘለዎ ሰብ፣ ኣብ ሆስፒታል ወይ ኣብ ገዛ ንበይኑ ሕክምናዊ ክትትል ይግበሮ፣ እዚ ማለት ምስቲ ኻልእ ዘይተለኽፈ ሰብ ምእንቲ ከይራኸብ ይግበር ማለት እዩ። **ንኻልእ ሰብ ከመሓላልፍ ኣብ ዘይኽእሉሉ ደረጃ ክሳብ ዝበጽሕ** ንበይኑ ይኸውን። ብግቡእ ክሕከም ከሎ፣ ሓደጋ ረኽሲ ብቕልጡፍ ይንኪ፣ ድሕሪ ሓደ ክሳብ ክልተ ሰሙን ሕክምና ድማ ብሓፈሻ ሓደጋ ረኽሲ ዜሮ ይኸውን። እቲ ሕክምና ግና ብድምር ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ወይ ልዕሊኡ፡ ኣብ ትሕቲ ሕክምናዊ ክትትል፡ ክሳብ እቲ ሰብ ምሉእ ብምሉእ ዝሓዊ ክቐጽል ኣለዎ።

### 8. ንመልከፍቲ ቲቢ እተቓልዐ መን እዩ?
ንመልከፍቲ ቲቢ እተቓልዑ ሰባት እቶም ተመሓላላፊ ቲቢ ሳንቡእ ናብ ዘለዎ ሰብ ኣዝዮም ዝቐርቡ (ንሓያለ ሰዓታት ምስቲ ሕሙም ኣብ ሓደ ክፍሊ ዚጸንሑ) እዮም(ሕቶ 6)።

### 9. ምስተኸብኩ ኽ ንመልከፍቲ ክቃላዕ ዶ እኽእል?

እወ፣ እቶም ኣንጻር ሕማም ቲቢ ኣብ ምዱብ ጊዜ ይወሃቡ ዝነበሩ ክታበታት (BCG) ብኣዝዩ ድሩት መጠን ጥራይ ስለ ዚከላኸሉ።

### 10. ሕማም ቲቢ ሳንቡእ ምስ ዘለዎ ሰብ ተራኺበ ነይረ። ሕጂ እንታይ ክገብር ኣሎኒ?

ኣብ ከባቢ ኻ ዝርከብ ጨንፈር ቤት-ጽሕፈት ቲቢ Cantonal Lung Association ንቱበርክሎሲስ ዝምልከት ዝኾነ ጉዳይ ምስ ዝህልወካ፣ ነጻ ምኽርን ሓበሬታን ኪህበካ ይኽእል እዩ። ዝኾነ ተመሓላላፊ ሕማም ቲቢ ናብ ዘለዎ ሰብ ኣዝዩ ዝቐረበ ሰብ (ሕቶ 6)ሓበሬታ ምእንቲ ክረክብን ተለኺፉ እንተኾይኑ ምእንቲ ክምርመርን፡ ምስቤት-ጽሕፈት ቱበርክዩሎሲስ (ምስዚ ጽሑፍ ተተሓሒዞም ኣብ ዘለዉ ኣድራሻታት) ቆጻራ ክሕዝ ይኽእል (መበል 12 ሕቶ)።

### 11. ብናይ ሳንቡእ ዘይኮነስ፡ ብኻልእ ዓይነት ቲቢ ምስ እተለኽፈ ሰብ ተራኺበ ነይረ። ሕጂ እንታይ ክገብር ኣሎኒ?

ዘንጸላለወካ ዝኾነ ሓደጋ ስለ ዘየለ፣ ዝኾነ ነገር ክትገብር ኣየድልን። እቲ ብቲቢ ዝሓመመ ሰብ ዝኾነ ቱበርክዩሎሲስ ባክተርያ ብሻንብቆታት እስትንፋስ ስለ ዘየውጽእ፣ እዞም ዓይነታት ቲቢ ተመሓላለፍቲ ኣይኮኑን።

### 12. መልከፍቲ ሕማም ቲቢ ብኸመይ ይልለ?

መልከፍቲ ቲቢ ብመርመራ ደም (interferon-gamma) ተባሂሉ ብዝጽዋዕ መርመራ ክፍለጥ ይከኣል። ኣብ ከባቢኻ ኣብ ዝርከብ ጨንፈር ቤት-ጽሕፈት ቱበርክዩሎሲስ Cantonal Lung Association፡ ብዛዕባ ኣገባብ መርመራን ርኽበት ውጽኢት መርመራን ሓበሬታ ክትውከስ ይከኣል።

### 13. ልዕሊ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ኣብ ዝዕድመኦም ሰባት፣ መርመራ ደም፣ ተመሓላላፊ ቲቢ ሳንቡእ ምስ ዘለዎ ሰብ ድሕሪ ዝገብሮ ርክብ ድሕሪ ሸሞንተ ሰሙናት ስለምንታይ ይሰላሰል?

ቱበርክዩሎሲስ ባክተርያ ብዘገምታ ስለ ዝራባሕ፡ መልሰ-ግብሪ ምክልኻል ስርዓተ-ብየና ኣካላት ደቂ ሰብ ንኺምዕብል ሓያለ ሰሙናት የድልዮ። እዚ ማለት፣ ክስተት መልከፍቲ ቲቢ ክሳብ ድሕሪ ሸሞንተ ሰሙናት ምፍላጥ ኣይከኣልን። እንተኾነ፣ ሓደገኛ ዓይነት ቲቢ ናይ ምምዕባል ተኽእሎ፣ ትሕቲ ዓሰርተው ክልተ ዓመት ኣብ ዝዕድመኦም ቆልዑ ዝዓበየ እዩ:: ብዘይካ'ዚ፣ እዚ ሕማም ኣብ ክሊ እዚ እተጠቕሰ ዕድመ ኣብ ዚርከቡ ቆልዑ ብቕልጡፍ ክምዕብል ይኽእል። በዚ ምኽንያት፣ ንስለ ውሕስነት፣ ቲቢ ምስ ዘለዎ ሰብ ድሕሪ ዝገብርዎ ርክብ፣ **ካብመቕጽበት** ኣብ ልዕሊ እዞም ቈልዑ ቀዳማይ መርመራ ይካየድን – ኣብ ውጽኢት እቲ መርመራ ብምምርኳስ – ድሕሪ ሸሞንተ ሰሙናት ካልእ መርመራ ይካየደሎም።

### 14. ውጽኢት መርመራ ደም ኣዎንታ እዩ። እዚ እንታይ ማለት እዩ? ድሕሪ'ዚ እንታይ ይስዕብ?

ኣዎንታዊ ውጽኢት መርመራ፣ ርክብ ምስ ቱበርክዩሎሲስ ባክተርያ ተኸሲቱ ኣሎ ማለት እዩ (ሕቶ 2)። ቤት-ጽሕፈት ቲቢ ብዛዕባ'ዚ ክሕብረካ እዩ። እቲ ናይ ውልቅኻ ዶክተር፣ ሕማም ቲቢ ኣብ ምውጋድ ወይ ህላወኡ ንምርግጋጽ ዝዓለመ ተወሳኺ መርመራ (ራጂ፣ ወዘተ) ንምግባር ቆጸራ ክትሕዝ ክሓተካ እዩ።

### 15. ብቲቢ ተለኺፈ ኣለኹ። ከም ሳዕቤኑ፣ ንኻልኦት ሰባት ኣብ ሓደጋ ከእቱ እኽእል ድየ?

ኣይፋል! መልከፍቲ ቲቢ ሓደ ንስኻ ቲቢ ኣለካ ወይ ንኻልኦት ክተመሓላልፍ ትኽእል ኢኻ ማለት ኣይኮነን (ሕቶታት 2፡ 4ን 6ን)። እዚ ኸኣ፣ ውጽኢት መርመራ ደምካ ኣዎንታ ብምዃኑ፣ እቶም ንስኻ እትረኽቦም ሰባት ኣብ ሓደጋ ኣለዉ ማለት ኣይኮነን።

### 16. ብቲቢ ተለኺፈ ኣለኹ። ሓደ መዓልቲ በዚ ሕማም ክስነፍ ዘሎኒ ተኽእሎ ማዕረ ክንደይ ዓብይ እዩ?

ታህዋስቲቢ (bacterium) ብምክልኻል ስርዓተ-ብየና ኣካላት ደቂ ሰብ ቀጻሊ ምክትታል እና ተገበረሉ ኣብ ልኡም ኮነት ይጸንሕ። 90 % ካብ ኲሎም እቶም ዝልከፉ ***ፈጺሞም*** ቱበርክዩሎሲስ **ኣየማዕብሉን** ። 10 % ጥራይ እዮም ቲቢ ዘማዕብሉ። ካብዚኣቶም፣ እቶም ፍርቂ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ቲቢ ከማዕብሉ ከለዉ፣ እቶም ዝተረፉ ፍርቂ ኸኣ ኣብ ዳሕረዎት ዓመታት የማዕብሉ (ሕቶ 4)። ሓደገኛነት መልከፍቲ ቲቢ፣ ዘይብቑዕ ምክልኻል ስርዓተ-ብየና ኣካላት ምስ ዝህልው (ንኣብነት፣ብኤች.ኣይ.ቪ ኣብ እተለኸፉ ሰባት፣ ንነዊሕ ጊዜ ኣብ ዝቖጸለ ክንክን ነዝዕታት (cortisone treatment) ወይን ስርዓተ- ብየና ዘዳኽም ገለ ስነ-ቀመማት ዘጠቓልል ሕክምና (chemotherapy) ከምኡ 'ውን ኣብ ተርእዮታት ሕማም ሽኮርያ ወይ ኣልኮላዊ መስተ ወይ ምዝውታር ትምባኾን ሽጋራን) ይዛይድ።

### 17. ብቲቢ ተለኺፈ እንተ ኾይነ ክፍወስ እኽእልዶ?

ሓደ እተረጋገጸ መልከፍቲ (ሕቶ 2) ብጸረ- ታህዋስያን መድሓኒት (ኣንቲባዮቲክ) እዩ ዝፍወስ። ከከም ዓይነት ናይቲ ዝውሰድ ኣንቲባዮቲክ፣ እቲ ሕክምናዊ ክንክን ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ትሻዓተ ኣዋርሕ ይወስድ። ቲቢ ድሒሩ ክፍጠር ዝኽእለሉ ዕድል ኣዝዩ ስለ ዝቕንሶ፡ ሕክምና ምክትታል ይምከር። ከምዚ ዝዓይነቱ ሕክምና ንኽሰላሰል ግና፣ እቲ እተለኸፈ ሰብ ምስቲ ዝከታተሎ ሓኪም ብሓባር ክውስኑ ይግባእ።

### 18. መን ንምንታይ ይኸፍል?

ቁጽጽር ብጽሒት ወጻኢታት ፍወሳ ሕማም ቲቢ ካብ ሓደ ምምሕዳር ከባቢ ናብቲ ኻልእ ይፈላለ እዩ:: ኣብቲ እትነብሮ ከባቢ ዝርከብ ጨንፈር ቤት-ጽሕፈት ቲቢ Cantonal Lung Association ኣብ ምምሕዳር ከባቢኻ ብዛዕባ ዘሎ ቀረባት ክሕብረካ ድሉው እዩ።

### 19. እንትርፎ ከባቢያዊ ኣብያተ-ጽሕፈት ቱበርክዩሎሲስ፣ ንሕማም ቲቢ ዝምልከት ሕቶታት ክውከሶ ዝኽእል ስዊዘርላንዳዊ ሃገራዊ ማእከል ኣሎዶ?

እወ፡ ብFederal Office of Public Health ኣብ መላእ ሃገር ዚዕመም በበይኑ ሓላፍነታት እተሰከመ Competence ማእከልቲቢ Swiss Lung Association ዚበሃልኣሎ። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ፥ www.tbinfo.ch ምርካብ ይከኣል።

### 20. ሓደ ሰብ ብቲቢ ምስ እተለኽፈ ሰብ ምስ ዝራኸብ፣ እቲ መርመራ ብኸመይ ይሰላሰል?

ክስተት ሕማም ቲቢ ኣብ ዝምርመረሉ እዋን፣ እቲ ብሕማም ቲቢ እተጠቕዐ ሰብ ኣብ ዝነብረሉ ከባቢ ናብ ዝርከብ ሓላፊ ከባቢያዊ መኮነን ትዕና በቲ ዝከታተሎ ሓኪምን ላቦራቶሪን ጸብጻብ ክቐርብ ይግባእ። ሓላፊ ከባቢያዊ መኮነን ጥዕና፣ ብመሰረት ውጽኢታት መርመራታት፣ መርመራ መልከፍቲ ክካየድ ኣድላይነት እንተ ሃልዩዎ ክውስን እዩ። እዚ ዝኾውን፣ እቲ ሕማም ተመሓላላፊ ቲቢ ሳንቡእ ምዃኑ ምስ ዝረጋገጽ ጥራይ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ተርእዮታት፣ ዚምልከቶ ጨንፈር ቤት-ጽሕፈት ቲቢ Cantonal Lung Association መርመራ መልከፍቲ ተመሓላላፊ ቲቢ ክካይድ ሕድሪ ይስከም። እቲ ትካል ነቲ ቲቢ ዝሓመመ ሰብ ከዘራርቦ እዩ። ንሓደጋ መልከፍቲ ናይ እተቓልዑ ሰባት ዝርዝር ብሓባር ይረቅቕ (ሕቶ 8)። ከምመምርሒ፣ እዚኣቶም ኣባላት ስድራቤት፣ ዓርኪ- መሓዛ፣ መሳርሕትን ትርፊ ጊዜኦም ምሳኻ ዘሕልፍዎ ሰባትን እዮም። ኩሎም እዞም ሰባት ተሓቢሮም፣ መልከፍቲ ቲቢ ከይህልዎም ይምርመሩ (ሕቶ 12)።

**ጥፈልጡዶ…**

…ቱበርክዩሎሲስ ናብ ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ጥዕና ህዝቢ (FOPH) ክሕበር ዘለዎ ተመሓላላፊ ሕማም ምዃኑ?

…ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ዓመታዊ ሓድሽ ክስተት ሕማም ቲቢ ኣብ ዚቀረባ ዓመታት ናብ መንጎ 350–500 ከምዝ ወረደ?

…እቲ መድሓኒታት ብመሰረት ለበዋታት Swiss Lung Association ከምኡ'ውን FOPH ክሳብ እተወሰደ፣ ሕማም ቲቢ ኣብ ስዊዘርላንድ ብዓወት ኪፍወስ ከም ዝከኣል?

…1,13 ሚልዮን ኣቢሎም ዝግመቱ ሰባት ኣብ መላእ ዓለም (ልዕሊ ኹሉ ኣብ ምምዕባል ዚርከባ ሃገራት) ብሕማም ቲቢ ዓመት መጽኣ ከም ዝሞቱ?

ሓቂ ወረቐት FAQ(ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት) ብኻልእ ቋንቋ

**Competence centre tuberculosis**
Sägestrasse 79
3098 Köniz
Phone 031 378 20 50
tbinfo@lung.ch
www.tbinfo.ch



SWISS **LUNG** ASSOCIATION